# ቅሉዕ ጸዋዒት ንኹለን ናይ ይኣክል ምንቅስቓሳት

## ስትራትጂካዊ ምስግጋር ካብ ይኣክል ናብ ይከኣል

ንምይይጥን ምምሕያሽን ዝቐረበ ጽሑፍ

ካብ መርሃዊ ይትባረኽ

### ቀዳማይ ክፋል

---

እዚ ጽሑፍ እዚ ፡ ንኹለን ናይ ይኣክል ምንቅስቓሳት ዝምልከት ኮይኑ፡ ከከምቲ ነፍስ ወከፈን ዝርከባሉ ኣካባብን፡ ዝጥዕመን ኩነታትን ኣማሓይሽን ክመያየጣሉን ምስ ነንሕድሕደን ክተሓባበራሉን ዝሕግዝ ፡ ነድፈ ጽሑፍ እዩ።

እዚ ጽሑፍዚ ንሕና መን ኢና ፡ ክብደት ዓቕምናኸ ክንደይ ይኸውን፡ ስለምንታይ ክሳብ ሎሚ ኣይተዓወትናን ፡ እንታይነት ናይ ጸላኢና ህግደፍ ብሓቂ ኣለሊናዶ፡ ኣፅጋቢ ስጉምቲ ወሲድናዶ ፡ ዓቕሚ ናይ ጸላኢናን ምትእስሳራኡን ኣብ ወጻኢን ውሽጢ ሃገርን ንፈልጦዶ፡ እንታይ ዓይነት ናይ ዓወት ስትራተጂ ጎዲሉናን የድልየናን ኣሎ፡ ካብ ልማዳዊ ኣብ ወጻኢ ሸንኮለል ዘብዝሖ ቃልሲ ፡ ናብ ውሽጢ ሃገር በሲዑ ዝኣቱ ቅዲ ኣሰራርሓ ( Cross Word Clue) ብከመይ ንሰጋገር ወዘተ....ዝብል ኣርእስትታት ይፍትሸን ስትራተጂ ውድቀተ ኢሳያስ ንምይይጥ የቕርብን፡፡

ሓው ኣማኑኤል ዳዋ ናይ ይኣክል ቅዲ ቃልሲ ኣበጊሱ ንሕዝቢ ስለዘበራበረ ዘይሕለል ምስጋናይ እናሃብኩ፡ ሕጂ ድማ ሓው ዳዋ እዩ ይመስለኒ ፡ ነዚ ይኣክል ዝብል ጭርሖ ናብ ይከኣል ንምስግጋር ትልሚ ኣውጺኡ ተበጊሱ ኣሎ፡፡ ከም በሊሕ ሃገራዊ ድማ ብልቢ ኣመስግኖ።

ኩላትና ከም እንፈልጦ ናይ ይኣክል ምንቅስቃስ ድልየት ሕዝቢ ዘንጸባረቐ ስለ ዝኾነ ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ሓንጎፋይ ኢሎም ተቐቢሎሞ። ይኹን እምበር ኣብዚ እዋን እዚ ግን፡ እቲ ናህሪ ከምቲ ዝጀመሮ ይቕጽል ኣሎ ክብል ኣይደፍርን። ድኽመታት ፈጢሩ እሎ፡፡

እቲ ድኽመታት ብሓጺሩ ብከምዚ ዝስዕብ ክዝርዘር ይከኣል፡፡

- ስርዓት ኢሰያስ ወላኳ ዝመሽመሸ እንተኾነ ፡ ነዚ ዝመሽመሸ ስርዓት ግን ብግቡእ ተንቲንካ ግቡእ ግብረ መልሲ ዝህብ ስትራተጂ ዘይምሕንጻጽ፡፡

- ንውሽጢ ሃገር በሲዑ ኣብ ምእታው ዝዓለመ ግብራዊ ናይ ስራሕ መደብን ጽዑቕ ፈተነን ዘይምህላው፡፡

- ህግደፍ ንዘካይዶ ዘመተታት ፡ ብፍላይውን ኣውራጃዊ ዘመተ፡ ዋና ዕላማኡ ንምጭንጋፍን ኣንፈት ንምስሓትን ጥራይ ከምዝኾነ ፍሉጥ ክነሱ ፡ ንዕኡ ኣለሊኻን፡ ንጎኒ ገዲፍካን ፡ ኣብ ትግባሬ ዕላማኻ ጥራይ ክንዲ ምትያይ ፡ ነዚ ሕሱር ዘመተዚ መልሲ ንምሃብ ግዜ ምብላዕ። ጸላኢ መዓር ክለኽየኒ እዩ ኢልካ ምጽባይ።

- መደብ ይኣክል ንምዕንቃፍን ፡ ንኣባላትን ኣካየድቲ ኣካላት ይኣክል ንምስንባድን ፡ ንዝግበር ስውርን ቅሉዕን ምትኹታኽ ወይ ተጻብኦ ናይ ጸላኢ ፡ ግቡእ መልሲ ዝህብን፡ ንድሕነት ምንቅስቓስ ደው ዝበለን፡ ንዝኾነ ይኹን ዕላማ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ዝቐመን ፡ ጉጅለ ግብረ ሃይል ፡ከምቅድመ ኩነት ወሲድካ ዘይምምስራት። ስጉምቲ ብጸረ ስጉምቲ ጥራይ ደው ከም ዝብል ምዝንጋዕ፡ ወይ እኹል ምድላው ዘይምግባር፡፡

- ስራሕ ዘይምምቕራሕ፡፡ ኩሉ ዕማማት ኣብ ውሑዳት ኣካላት ጥራይ ምጽፍጻፍ፡፡ ንኣባላት ከከም ዓቕሞም ፡ ኣብ ስራሕ ዘይምስታፍን ዘይምውፋርን ዘይምቁጽጻርን፡፡

- ኣካየድቲ ኣካላት፡ ንኣባላቶምን ወይ ንኣባላተን ፡ ንምዕባለ ምንቅስቓስ ይኣክል ኣበርክቶ ንክህቡ ፡ ናይ ስራሕ መደባትን ተበግሶን ዘይምፍጣር ፡፡ እቲ ምትእኽኻባት እሰልቻዊ እናኾነ ምኻድ፡፡

- ባህሊ ናይ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኣብ መንጎ ኣካየድቲን ኣባላትን ዘይምህላው። ኣብ እንካን ሃባን ዝተሞርኮሰ፡ እኩብን ዝተወሃሃደን ጥርናፈ ዘይምህላው ።ብስራሕ ንዝነቐፈካ ከም ጸላኢ ምውሳድን ፡ ``ሓሳበይ ተቐበል ወይ ፋሕ በል `` ዝብል ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ካብ ዝማዕበለ ሃሳዪ ኣተሓሳስባ ሓንጎልካ ዘይምጽራይ ።

- ንጹር ዕላማ ናይ ይኣክል ኩሉ ዓቕምታትካ ኣወሃሂድካ ንስርዓት ኢሳያስ ካብ ሱሩ ምምሓው እዩ፡፡ ይኹንምበር ነዚ ዓላማዚ ጥራይ ቀድምነት ሂብካ ክንዲ ምንቅስቓስን ፡ ንኣባላት ብንጹር ምስትምሃርን፡ ኣንፈት ኣብ ዝጠዊ ብህግደፍ ይኹን ብዋሕዲ ንቕሓት ኣብ ዝተበገሰ ካልኣዊ ጉዳያት ፡ ከምኒ ማሕበራዊ ሽግራት ኤርትራውያን ምፍታሕ፡ ትግርኛ ምምሃር፡ ወዘተ------ ግዜኻ ምጥፋእ፡፡

በዘን ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘራ ምኽንያታት ፡ ምንቅስቓስ ይኣክል ሃጓፋት ፈጢሩ ክብል ኣደፍር።

እዚ ሃጓፍ እዚ ብኸመይ ይጸብብ ፡ ምንቅስቓስ ይኣክል ብከመይ ናብ ዕላማኡ ይበጽሕ ናብ ዝብል ነጥቢታት ቅድሚ ምእታው ግን ፡ ሕጽር ዝበለ ትንታኔ ናይ ኩነታት ሕዝብናን ናይ ስርዓት ኢሰያስን መሓውራቱን ክዝርዝር እደሊ።

ኩነታት ሃገርና።

ሃገርና ኣብ ዓቢ ሓደጋ ናይ ዘለዓለማዊ ውድቀት ትርከብ። ኣብ መንጎ ኢሰያስን ፡ ናይ ኢትዮጵያ ኮሎኔል ኣብይ ኣሕመድን ፡ ኣብ 2020 ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምጽንባር መስርሕ ይካየድ ኣሎ። ነዚ መስርሕ ዝተሓባበራ ዓበይቲ ሃገራት ኣብ ጎድኖም ኣለዋ። ኣብ ዝመጽእ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ፕረዚደንት ምርጫ ፡ኮሎኔል ኣብይ ኣሕመድ ንኤርትራ ኣብ ናይ ብልጽግና ፓርቲ ሓውሱ ክወዳደር ካርታ ኣዳልዩ ኣሎ።

ስርዓት ኢሰያስ

ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሃገረ ኤርትራ ከም ሃገር ክትቀውም ዘይደሊ ምዃኑ በዚ ዝስዕብ ሓጺር መርተዖታት ይረጋገጽ፡፡

ሀ. ኣብ መበል 25 ዓመት በዓል ናጽነት ብወግዒ ኣብ ስታድዮም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ,, ኤርትራ ብ ኢትዮጵያ ከምዘይተገዝአትን፡ ኢትዮጵያ ገዚኣትና እንብሎ መግለጺ ጌጋ ከምዝኾነን,, ብወግዒ ኣፍሊጡ፡፡

ለ. ኣብ ኒውዮርክ ኣመሪካ ዝርከብ ናይ ኤርትራ ኤምባሲ /ቆንስል ብመንግስቲ ኣመርካ ዝተዋህቦ ናይ ኤምባሲ ቤት ጽሕፈት ጠንጢኑ፡ ኣብ ውሽጢ ናይ እስራኤል ኤምባሲ ቤት ጽሕፈቱ ቀይሩ። ናብዚ ኤምባሲዚ ዝኣቱ ዝኾነ ይኹን ሰብ ወይ ንብረት ድማ ብጸጥታ ኤምባሲ እስራኤል ተፈትሹ ይሓልፍ። እዚ ማለት ድማ ዝኾነ ይኹን ፋይናንስያዊ ምንቅስቃስ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ከምዝኾነ ይምስክር።

*(ሓበሬታ ብርሃነ ኣብርሀ ምኒስተር ፋይናንስ ኤርትራ )*

ሐ. ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብነፋሪት ናይ ኢትዮጵያ ይመላለስ ከምዝነበረ፡፡ *( ተጋዳላይ የማነ ተኽለገርግስ)*

መ. መንነት ኤርትራውያንን ንምጥፋእን ሞራል ኤርትራውያን ንምስባርን ብኹሉ ሸነኻት ይዋፈር ምህላው ፡፡ ንኣብነት

1. *ሓንቲ ኤርትራዊ ዝተመርዓወ ካልኣይቲ ኤርትራዊት ምቕሻሽ ክወሃቦ እዩ፡ መወዓውዒ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ከንያ ሰመረ በየነ ዝዘርግሖ መረጋገጺ ስእሊ ተመልከት፡፡*













---

2. *ኩሊት ኤርትራውያን ኣብ ፐንሲልቫንያ ፡ ብኣይሁዳውያን ኣቐሸሸቲ/ራቢ ብሕሱር ከምዝተሸጠ መረጋገጺ ተመልከት)*


Home

New York Man Pleads Guilty to Selling Israeli Human Organs

Levy Izhak Rosenbaum tells federal court that he brokered three illegal kidney transplants for New Jersey-based customers in exchange for payments of $120,000 or more.

The Associated Press | Send me email alerts

Oct 28, 2011 12:13 PM

74 Tweet 6 Zen Subscribe

A New York man pleaded guilty Thursday to what experts said was the first ever proven case of black-market organ trafficking in the United States.

በዘን ዝተጠቕሳ ነጥብታት ብሓጺሩ ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንዘለዓለማዊ ጥፍኣትና ዝዓለመ፡ ደመኛ ጸላኢ ኤርትራን ኤርትራውያንን እዩ።

# ይቕጽል ካልኣይ ክፋል

---